## ዘይምእኩል ምሕደራ ኣገዳሲ ውሳኔ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ሰ/ባ

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 02.09.2006

ስልጣንን ሃብትን ኣብ  ውሱን ማእከል ምእካቡ ዘስዕቦ ዘሎ ደኹን ንመጻኢ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታውን፣ ነቲ ዘይምዕሩይ ምዕባለ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ብምግንዛብን፣ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ሃገሩ ብዝለዓለ ደረጅኡ ንምርግጋጽን፣ ከምኡ ውን ንፍሉይ ጠላባት ህዝቢ ብቐረባ ዝስምዓሉን መፍትሒ ዝረኽበሉን ኣገባብ ክተኣታቶ ዘለዎ ተደላይነት ርእዩ፣ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘይምእኩል ምሕደራ ንህዝቢ ኤርትራ ዘዋጽእ ፖለቲኮ ምምሕዳራዊ ውደባ ምዃኑ ኣሚኑ ሓደ ካብ ኣገዳሲ ውሳኔኡ ገይርዎ ኣሎ።

ጉባኤ ኣብዚ ውሳኔ እዚ ክበጽሕ ከሎ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝቕልቀል ዘሎ ጥሩፍ ዝምባለታት ኣስተብሂሉሉ እዩ። ንሓድነትን ፍልልይ ህዝቢ ኤርትራ ዝጠምር ገመድ ብጥንቃቐ ዘይምሓዝ ሓደገይና ምዃኑ ኣስሚሪሉ እዩ። እቶም ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ልክዑ ንላዕሊ ኣጋኒኖም ዘቕርቡ፣ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ ባህላውን ቛንቛውን ሃይማኖቶውን ፍልልይ ከምዘሎ ዝዝንግዑ፣ ንሽግራት ህዝብና ኣብ ምፍታሕ ብቑዓት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ እቶም ንፍልልይ ኣጋኒኖም ዘቕርቡ፣ ንሕሉፍ ጌጋታት ኣቋሲሎም ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ክነብር ዘይክእል ኣምሲሎም ዘቕርቡ ሸነኻት ውን ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ብቕዓት ዘለዎም ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ጉባኤ ነዚ ከምዚ ዝመስል ጥሩፍ ከስርሕ ዘይክእል ኣረኣእያታት እናነጸገ ንሓድነትን ፍልልይን ኣጣሚሩ ዝሕዝ መፍትሒ ቀሪቡ ኣሎ። እቲ ብዓዲ፣ ወረዳ፣ ኣውራጃን ሃገርን ዝዝርጋሕ ኣብ ዘይምእኩል ምሕደራ ዝምርኮስ ስርዓት ነቲ ኩሉ ዝጸንሐ ምጥርጣራት ኣብ ምውጋድ ተርኡ ተጻዊቱ ህዝብና ተኣማሚኑ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ኣብ ጕደና ዕብየት ክምርሽ ክድግፎ እዩ።

ዘይምእኩል ምሕደራ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሓዲሽ ኣይኮነን። ቅድሚ ምምጻእ ምእኩል ባዕዳዊ ምምሕዳር <u>መግዛእቲ፣</u> ህዝቢ ኤርትራ ብፍሉይ ቦታዊ ሕግታቱ ብዓቕሙ ትካላቱ ኣቑሙ ነብሱ ዘመሓድር ዝነበረ ህዝቢ እዩ። <u>እ</u>ቲ ሕጂ ዝጽዋዕ ዘሎ ዘይምእኩል ምሕደራ ከኣ ዋላኳ ብመልክዑን ዓይነቱን ካብኡ ኣዝዩ ዝተፈልየ እንተኾነ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮ ህዝቢ ኤርትራ ዝመሃሮ ትምህርቲ ከምዝህልዎ  ክዝንጋዕ ኣይክእልን እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ቀደም ብባዕዳውያን ሕጂ ድማ ብደቂ ሃገር፣ ካብ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ሃገሩ ተወጊዱ ኣደዳ ሓሳረ መከራ ኮይኑ እዩ። ስልጣን ኣብ ኢድ ህዝቢ ተመሊሱ፣ ህዝቢ ባዕሉ ነብሱ ዘመሓድረሉ ሓይሊ ከይረኸበ ሽግሩን መከርኡን ክውዳእ ከምዘይክእል ዝኣመነ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ፣ ዘይምእኩል ምሕደራ ንህዝቢ ሓይሊ ምሃብ፣ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካውን ምጣነሃብታዊ ህይወት ሃገር ምዕዛዝ ምዃኑ ኣብሪህዎ እዩ። ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝዝርጋሕ ኣብ ምክፍፋል ስልጣንን ፍትሓዊ ኣዘራግሓ ሃብትን ዝኣምን ዘይምእኩል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ንቐጻሊ ዕብየት ሃገርና ዘውሕስ ዘተኣማምን ስርዓተ ምሕደራ እዩ።

እዚ ዘተኣማምን ስርዓተ ምሕደራ፡ ንስልጣንን ሃብትን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሕ/ሰብና ከምዝዝርጋሕ ብምግባር ነቲ ዘይምዕሩይ ምጣነሃብታዊ ኣተሃላልዋ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምዕራይ ተርኡ ክጻወት ይኽእል እዩ። እቲ ህዝቢ ማእከሉ ዘይገብር ምጣኔሃብታዊ መደባት ህሉው ስርዓት ኤርትራ ግን፡ ነቲ ዘይተመጣጠነ ምዕባለ ህዝብና ዝምልከት ጭቡጥ መደባት የብሉን። ነቲ ዘይምዕሩይ ምጣኔሃብታዊ ኣተሃላልዋ ሕ/ሰብ ኤርትራ ከመዓራሪ ዝብገስ ስትራተጂካዊ ምጣኔሃብታዊ መደባት ብትኳቦ ካብ ላዕሊ ዝስንዶ ዘይኮነስ ብጭቡጥ ነቲ ኣብ ድሕረትን ድኽነትን ዝርከብ ወገን ሓይሊን ስልጣንን ሂቡ ህዝቢ ባዕሉ ወሳኒ ባዕሉ ተግባሪ ክኸውን ዘኽእሎ ምምሕዳራዊ ስርዓት ኣብ እተረጋገጸሉ ኩነታት ጥራይ'ዩ ዝዕወት። እቲ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን ዘይኣምን፡ ብውሑዳት ውልቀሰባት ዝዝወር ምልካዊ ስርዓት ግን እቲ ህዝብና ዝብህጎ ፖለቲካውን ምጣኔሃብታውን ለውጢ ከረጋግጽ ፍጹም ብቕዓት የብሉን።

ህሉው ስርዓት ይኹን ዝሓለፉ ገዛእቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነንሕድሕዱ ከይተኣማመን ብወገንን ዓሌትን ሃይማኖትን ክፈላልይዎ ጸኒሖም እዮም። እቲ ዝዘርእዎ ናይ ምጥርጣር ዘርኦም ኣብ ቦትኡ ክመክን ዝኽእል፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ እምነት ኣሕዲርካ ነቲ ውሱን ጸገማት ብዝግባእ ተገንዚብካ ንዘይምእኩል ምምሕዳር እንዳተጣበቕካ ንዲሞክራስያዊ ሓድነት ኤርትራውያን ምጽዋዕ እዩ። 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ብሓደ ወገን ንዘይምእኩል ስርዓተ ምምሕዳር እናተሞጐተ፡ ንኤርትራውያን ዲ ሞክራስያውያን ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ከቕሙ ዝጸውዐ።

እቲ ኣብ ጉባኤ ተሓንጺጹ ዘሎ ክሳዳዊ መደባት ነንሕድሕዱ ዝተኣሳሰረ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ ናይ ብዙሓት ፓርትታት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል፡ ኣብ ብዕዳጋ ዝድረኽ ምጣኔ ሃብቲ፡ ዘይምእኩል ስርዓት ኣመሓድራ ምትእትታው፡ ዝብሉ መደባት ኣዝዮም በዳህቲ እዮም። ተራ ማእከላይ መንግስቲ ከኣ ነቲ ሓፈሻዊ ፖለቲካውን ምጣኔሃብታውን ሕንጻጻት ኣጽኒዑ ብምሓዝ ብእተወሃሃደ መንገዲ ሃገር ንቕድሚት እትስጉመሉ ኣመራርሓ ምሃብ እዩ። ከምዚ ዝመስል ሓዲሽ ሃዋህው ሓላፍነቱ ከቢድ እዩ። ነዚ ከቢድ ሓላፍነት ዝበቅዕ፡ ብቑዕ ኣመራርሓ ከበርክት ዝኽእል ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ክቐውም ድማ እቲ እዋን ይሓትት እሎ። 6ይ ጉባኤ ነዚ ታሪኻዊ ጠለብ እዚ ብምርዳእ እዩ ኣብ ኣባላቱ ዘይሕጸር ምስ ካልኦት ኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን ተላዚብካ ዝፍጸም ሓዲሽ ዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ሰልፊ ክቐውም ዝኣወጀ።

ዘይምእኩል ምምሕዳር እምበኣር 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ዝወሰኖም ታሪኻዊ ውሳኔታት ኮይኑ ምስቶም ካልኦት ውሳኔታት ጉባኤ ጽኑዕ ምትእሳሰር ዘለዎ ስትራተጅካዊ መደብ እዩ።